ሰልፊ ትንሳኤ ኤርትራ حزب النهضة الإرتري

Eritrean Renaissance party

# መግለጺ ሓዘን
# ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ

ክብርቲ ሓብትና ተቓላሲት ሙና ኢብራሂም ዓብደላ (ኡም ኸሊል) ብ ዕለት 03 ሓምለ 2020 ብሕማም ምኽኒያት ብሞት ተፈሊያትና !! እዛ ኣላይት ሓዳራን ኣደ 2 ቆልዑ ዝኾነት ጅግና ሓብትና ፡ኣብ መዳይ ቃልሲ ኣንጻር ግበታ ኤርትራ ተውለ ዕማም ዘበርከተት ፡ማለት ብሓደ ሸነኽ ንነዊሕ ዓመታት መንበሪ ገዛኣ ንተቓለስቲ ብምርሓው ኲሉ ዓይነት ምውድዳብን ምንቅስቓስን ከካይዱ ሓንጎፋይ ኢላ ምቕባላ ጥራይ ከይኣክል ንዉፉያት ተቓስቲ ብጉልበታን ግዜኣን ኣገግሎት ብምግባር ዝተወፈየት ክትከውን እንከላ ፡ብኻልእ ሸነኽ ድማ ነብሳ ናብ ቃልሲ ብምውፋይ ንዕላማ ቃልሲ ንምዕዋት ግንባር ቀደም ብምግባር ንሂወታን ሂወት ስድራኣን ከይሰሰዐት ሓያለ ቃልሲ ዘበርከተት ፥ ንኲሎም ስድራኣ ኣብ ቃልሲ ክስልፉ ዝተባበዐትን፡ዝጸንበረትን ምንባራ ብምዝካር፡ ሕልማ ድማ ሂወት ኲሉ ኤርትራውን ፥ ሕብረተብናን ራህዋ ማዕርነትን ሰላምን ንክረክብ ፥ ብተወፋይትነ ብምቅላስ ታሪኽ ዝሓደገትን ጀግና ሃገራዊት ምንባራን ጎያ ከይጸገበትን ኣብ ንእስነታ ሂወታ ምሕላፉ ኸቢድ ሓዘን ይስመዓና ።

መርሑማ ሓብትና ሙና ኢብራሂም ( ኡም-ኸሊል) ፣ ኲሉ እቲ ኣብ ልዕሊ ሰልፊ ትንሳኤ ኤርትራ ምእንቲ ቅዱስ ተግባር ዘካየዶቶ ቃልሲ ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ ኣፍልጦ እንዳሃበና ፥ ብስም ኲሎም ኣባላት ሰ.ት.ኤ.(ናህዳ) ደጊምና ዝተሰማዓንና መሪር ሓዘን ብምግላጽ፣ንተቓላሳይ ኣባል ፈጻሚ ኣካል ሓው ሑሴን መሓመድ ከማል ንደቁ ፥ ንምሉኣት ስድራ ቤት እንዳ እስታዝ መሓመድ ከማል ፣ ንኲሎም መቓልስቲ ብጾቱን ፈተውቱን ረቢ ኢማንን ሰብርን ይሃብኩም ፥ ጽንዓት ይሃብ ንብል። ንሓርበኛ ሓብትና ሙና ኢብራሂም ዓብደላ (ኡም ኸሊል) ድማ ኣብ ዝላዓለ ጀነተል ፌርዶስ ረቢ ንክቕበላ ወትሩ ዱዓና ነብጽሕ ።

ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ

**06 ሓምለ 2020**